# ሪፖርታጅ ፌስቲቫል ኤርትራ 2009 (ጀርመን)

ፌስቲቫል ኤርትራ 2009 ኣብ ጀርመን: ብዕለት 17.07.2009 ብኽብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ብወግዒ ተኸፊቱ:: እዚ ኣብ ትሕቲ „ነጻ መስመርና - ዋሕስ ምዕባለ“ ዝብል ጭርሖ ክሳብ ዕለት 19.07.2009 ዝተካየድ ፌስቲቫል ብልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ: ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህ.ግ.ደ.ፍ ኣቶ የማነ ገብረኣብ ብክብ ዝበል ድምቀት ኢዩ ተኸፊቱ:: ኣቶ የማነ ገብረኣብ ብ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ ጴጥሮስ ጸጋይን: ሓላፊ ኮማውን ህዝባውን ጉዳያት ኣቶ ብርሃነ ዘርአ ተሰንዩ ንፌስቲቫል ጀርመን 2009 ብወግዒ ድሕሪ ምኽፉቱ: ንኽብሪ እዚ ፌስቲቫል ኣብ ዝተዳለወ ጽምብል ተሳቲፉ:: እዚ መኽፈቲ ጽምብል ብተማህሮ ቋንቋ ኣደ ማሕበረኮም ፍራንክፈርት ብዝተዳለወ ኤርትራዊ ሳዕስዒታትን ወኒ ዘበራብረ ግጥምን ማዕሪጉ ኣምስዩ:: ብጀካ እዚ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ብዝርከቡ ሃገራውያን ስነ-ጥበበኛታት ዝተዳለወት „ቦኽራ ሕድርታት“ ዘርእስታ ተዋስኦ ንምርኢት ቀሪባ:: እዛ ተዋስኦ ኤርትራ ምዕብልትን ስልጥንትን ኣብ ምግባራ ዝኻየድ ዘሎ ኩሉጎድናዊ ጻዕርታት ከም ወትሩ ዕዉት ንኽኸውን ኣበርክቶ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ህዝቢ ክዕቀብ ከምዘለዎን: እዚ ምትግባር ከኣ ምፍጻም ሕድሪ ሰማዕታት ምዃኑ ተዘኻኽር ምርኢት ኢያ:: ኣብ ጀርመን ዝርከቡ ስነ-ጥበባውያን ዘቕረብዎ ሃገራውያን ደርፍታት እውን ሓደ ክፍል ናይ መኽፈቲ ጽምብል ኢዩ ነይሩ:: ድሕሪ እዚ መኽፈቲ ጽንብል: ካብ ኤርትራ ዝመጽኣት: ሕቡባት ደረፍትን ሙዚቀኛታትን ዝሓቖፈት ጉጅለ ባህሊ „ቢሻ“ ክሳብ ሰዓት 03:00 ወጋሕታ ዝተፈላለዩ ጣዕመ ዜማ ዘለዎም ደርፍታት ብምቕራብ ንተሳተፍቲ ክተዘናግዕ ሓዲራ::

ቀዳም ዕለት 19.07.2009 መደብ ፌስቲቫል ብስፖርታዊ ውድድራት ኢዩ ፈሊሙ:: ኣቲ ስፖርታዊ ውድድራት ክሳብ ድሕሪ ቀትሪ ዘሎ ሰዓታት ከኣ ቀጺሉ ውዒሉ:: ማዕረ-ማዕረ እዚ ቀዳም ካብ ሰዓት 12:00 ጀሚሩ ንኣጋይሽ ፌስቲቫል ኤርትራ ዝተዳለወ ፍሉይ መደብ ተኻይዱ:: ኣምባሳደር ጴጥሮስ ንኣጋይሽ ናይ እንቋዕ መጻእኩም ቃል ኣስሚዑ:: ኣብ'ዚ ኣምባሳደራት ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት: ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ዝመደበሮም ቆንስላትን ናይ ክብሪ ቆንስላትን: ፈተውትን ኣዕሩኽን ህዝቢ ኤርትራ ተሳቲፎሞ:: ኣቶ የማነ ገብረኣብ ንህልዊ ኩነታት ኤርትራ ዞባናን ንኣህጉራዊ ፖለቲካዊ ሃዋሁን ኣመልኪቱ ኣብ'ዚ ንኣጋይሽ ዝተዳለወ መደብ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ:: ኣጋይሽ እንግዶት ምሳሕን: ፍሉይ ወግዒ ቡንን እውን ኣስተማቒሮም::

ሰዓት 17:00 ኩሉ ተሳታፋይ ፌስቲቫል ዓመት-ዓመት ብሃንቀውታ ዝጽበዮ መግለጺ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ ኢዩ ስዒቡ:: ኣቶ የማነ ንውሽጣዊ መስርሕ ህንጸት ሃገርን: ኤርትራ ኣብ ኩሉ መዳያት ኣመዝጊባቶ ዘላ ጋስጋስን: ህዝብን መንግስትን ዕብየትን ምዕባለን ሃገር ንምርግጋጽ ዝወሰድዎን ዝወሰድዎ ዘለዉ ሱጉምትን ብሰፊሕ ኣብሪሁ:: ንኩነታት ቀርኒ-ኣፍሪቃ ኣመልኪቱ ንመረዳእታ ተሳተፍቲ ክብ ዘበለ ኣገዳሲ መግለጺ ሂቡ:: ንዝቐረበሉ ሕቶታት ብቑዕ መልሲ ብምሃብ: ብተስተፍቲ ንዝተዋሃበ ርእይቶታት ሰሚዑ::

ድሕሪ እዚ ኣገዳሲ ሰሚናር ዝሰዓበ መደብ ምምራቕ ዕውታት ተመሃሮ ኢዩ:: ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2008/2009 ኣብ ዩኒቨርስቲ ትምህርቶም ዝወድኡ: ኣብ ዝተፈላለየ ማእከላት ትምህርቲ ሞያዊ ትምህርቶም ዝዛዘሙ: ከምኡ እውን ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ብዓወት ዝዛዘሙ 72 ተመሃሮ ዝተዳለወሎም ምስክር-ወረቐት ካብ ኢድ ኣቶ የማነ ገብረኣብን ኣምባሳደር ጴጥሮስን ተቐቢሎም:: ድሕሪ እዚ ካብ ሰዓት 21:00 ጀሚሩ መንእሰያት ንበይኖም ኩነታቶም ምስ ኣቶ የማነ ገብረኣብ ንምዝታይ ዘዳለዉዎ መደብ „ዘተ መንእሰያት“ ኣካይዶም:: ኣብ ናይ ቀዳም ምሸት መደብ ዝተፈላለዩ ኣብ ጀርመን ዝርከቡ ስነ-ጥበባውያን ዝተስታፍዎን ብጉጅለ ባህሊ ሳሊና ዝደመቐን ባህላዊ መደብ ክሳብ

ሰዓት 05:00 ወጋሕታ ቀጺሉ ሓዲሩ:: ጎድኒ-ጎድኒ እዚ መንእሰያት ብፍሉይ ኣብ ዘዳለውዎ „ጓይላ መንእሰያት“ ክዘናግዑ ሓዲሮም::

ሰንበት ዕለት 19.07.2009 ልክዕ ሰዓት 13:00 ብፕሮፌሰር ጊዲዎን ኣባይ ንጅግንነት: ዘይተጸዓድነት: ተወፋይነት: ህዝቢ ኤርትራ ዘነጸረን ዝጽበየና ዘሎ ብድሆታት ዝእምትን „መኸተን ብድሆታትን“ ዝብል ኣስተምህሮ ቀሪቡ:: እዚ ኣስተምህሮ ኣብ ተሳተፍቲ ፍሉይ ጦብላሕታ ዘሕደረን መኸትኡ ንከሕይል ተወሳኺ ድፍኢት ዝሃበን ኣስተምህሮ ኢዩ ነይሩ::

ፌስቲቫል ኤርትራ ብማሕበረኮማት ዝተዋደደ መዘናግዒ ቦታታት: ብኣዴታት ግርማ ዝለበሰ ጽምእኻን ጥሜትካን ተርውየሉን ተዓንግለሉን ዳሳት: ህጻውንቲ ኣብ „ቈሸት ህጻናት“ ዝዕንድርሉ: ስነ-ጽሑፍን ስእላዊ ምርኢትን ዝተንጸባረቐሉ: ዕዉት ሃገራዊ ውራይ ኢዩ ነይሩ:: ሰንበት ድሕሪ ቐትሪ ጉጅለ ባህሊ „ቢሻ“ ንተሳተፍቲ ኣይለቅቐን ኢየ ብምባል: ንተላህየቲ መመሊሱ ባህላዊ ናፍቆቶም ዘዕረገ መሳጢ ናይ መዘናግዒ መደብ ኣቕሪባ:: ፌስቲቫል ሽማግለ ንተሳተፍቲ ስለ እቲ ጭዋ ተሳትፎኦም ምስግናኣ ምስ ኣቕረበት ዕዉት ፌስቲቫል ኤርትራ 2009 ኣብ ጀርመን ብወግዒ ተዛዚሙ::

ኣዋሃሃዲት ሽማግለ
ፌስቲቫል ኤርትራ 2009
ኣብ ጀርመን
ክፍሊ ሓበሬታን ስነዳን